2008-06-17

# ከለን
# ደቂ ሐንቲ ሃገር ክልተ ተንዳ ኣብ ሐንቲ ጎልጎል

ንድሕሪት ምልስ ኢለ ክዝክር ደስ ይብለኒ ፡ ከተማ ከለን ካብተን ፍሉጣት ከተማታት ናይ ጀርመን ሐንቲ ኢያ። ኣብ እዋን ሰወራዊ ቓልስና ከም ኣብ ኤርትራ ሳሕል ክባሃል ከሎ ኣብ ኣወሮጳ እዉን ከለን ፍልጥቲ ነራ፡ መቓልሕ ደጀናት ሳሕል ኮይና ብፖለቲካዊ ብቑጠባዊ፡ ብማሕበራዊን ሰፍ ዘይብል ዕማማት ዝተሳላሰሉላ ናይ ቃልስና ሰትራተጂካዊተ ከተማ ኢያ ኔራ።

ማሕበራዊ ህዝቢ ባህሉ ዓቂቡ ኣብ ስደት ብፖሊቲካ ብሃይማኖት ብወገን ከይተፋለየ ሐቢሩ ንከነብር ማሕበራዊ ሽግሩ ክፈትሕ ተባሂሉ ዝተመስረተ ማሕበረሰባት መጀመርያ ኣብ ከለን እዩ ተፈቲኑ፡ ኣብቲ ኣዋንቲ ምንም'ኳ ዉግእ ሕድሕድ ካብ ዝፍጸም ርሑቕ እንተ ዘይነበረ ፖለቲካዊ ፍልልያትና ገድፍና ሐቢርና ክንዝትን ክንኣዓዝን ስለ ዝበቓዕና ኣብነታዊ ወረጃ ማሕበር ክምስረት ተኻእለ። ንኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል ወራዙት ኣቦታትን ኣደታትን ኮሚቴ ማሕበራዊ ሽማግለ ፡ ንሐንቲ መሰረት ሕብረተሰብ ዝኮንት ስደራቤት ምሳኺ ኣለና ዝብል ሶሊዳርቲ የርእዩ ነሮም። ቑሩብ ንምጥቃሱ ንሐንቲ ሐራስ ኣደ ንዝተወልደ ወይ ዝተወልደት ሕጻን ንክበጽሑ ንእሽቶ ትዓቢ ተክሊ ናይ ዕበዩልና ዝብል ሰናይ ትምኒቶም ምልክትን 50 ማርክን ህያብ ሒዞም ይበጽሕዋ፡ እቲ ካብኡ ዝበለጸ ግን ግዜ ወሲኖም፡ ሕጻነ ስዒሞም ፡ ጋዓት ሐራስ ቀሚሶም ፡ ቡኖም ሰትዮም ፡ ኣዕሊሎም ምራል ስድራቤታት ብወግዒ ልኡኻት ማሕበር ኮይኖም የባራቡሩ ብምንባሮም ኢዩ። ተመሰሳሊ ንዝሐመሙ ምብጻሕ ፡ ንዝተባኣሱ ምዕራቕ፡ ብዘይ ኣድልዎ ብጽፈት ይትግበር ኔሩ፡ እተን ዝተረፉ ሽማግለታት እዉን በብናተን ንህዝቢ ዘገልግ ስርሐት ዓሚመን ።

ሎሚኸ ?
ካብ 100 ሃገራት ንላዕሊ ዝወከልኦ ሱሙናዊ ባህሊ ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ ኣብ ከለን ንኣዳም ገረሞ ፡ ናይ ኤሪትራዉያን ክልተ ዳስ ተተኺለን ዊዒለን።ቖልዑ ሐቢሮም ክጻወቱ ናብ ኹሉ እና ተዛወሩ ባባ እከለ ማማ እከሊት እናበሉ ክስዕሙና ከለዉ ፡ ዓበይቲ ግን ኣብተን ዘዝዉክላና ዳሳት ተኸቲትና ማዕዶ ማዕዶ ክንራኣኤ ዊዒልና። እታሐንቲ ዳስ ሳዕሳዒተ ጓይላ ዝስማዓላ ክትከዉን ከላ፡ እታ ሐንቲ ዳስ ካኣ ኮፍ ኢሎም ኣደታትን ኣቦታትን ቡኖም እናሰተዩ ከቢቦም ወኻዕካዕ እናበሉ ከዕልሉ ትርኢ. እዚ ኮይኑ'ቲ ግን ኣይጽብቑን ብዙሕ ዘተሓሳስብ ካኣ ኢዩ።

ስለምንታይ እዚ ተርእዮ'ዚ ክርኤ ኪኢሉ?፡
ድሕሪ ገለ እዋናት፡ ስስዕቲ ኣብቲሕቲ ሐደወገን ጥራሕ ክዕብለል ፡ ብዙሓት ዘይድግፍዎ ዉሕዳት ግን ድልየቶም ዘማልእሉ ኮይኑ ክትርኢ. ትቓወም'ሞ ሰማዒ ትስእን ፡ ብኡ መሰረት በብሐደ ሰብ እናረሐቐ ማሕበር ተዳኺሙ። እንተኾነ ግን
እቲ ማሕበር ናይ ህዝቢ ኢዩ ፡ ቑዋም ካኣ ኣለዎ ፡ እቲ ቅዋም ካብ ፖሊቲካን ካብ ሃይማኖትን ነጻ ኢዩ ዝብል። ብኡ መሰረት ብሕጊ ማሕበር ተቐይዱ ኣብ ክዲ ዝኸይድ ፍጹም ኣብ ኣብትሕቲ ህ.ግ ደ.ፍ ተወኒኑ ። ኣብ ዓዲ ጓና ኮንካ ንሃገሩ ዘፍቐር ህዝብካ ቢዚኣ እቶ፡ በዚካኣ ዉጻእ፡ እናበልካ ከተገድድን ከተፋራርሕን፡ ሃናጺን ጠርናፍን ርእይቶ ንዝሃበን ፡ ኩሉ ኣድሐርሓሪ ፡ ብዙሕ
ሰብ ኩነታት አጽሊእዎ አፉን ኢዱን ሒዙ ኣብ ገዝኡ ኮፍ ንዝበሉን ከምኡ'ዉን
ንኣባላት ዝተፋላለያ ተቓወምቲ ኩሉ ዉያነ፣ ከዳዕ ዓጋመ ጸረ ሃገር፣ ጸረ ህዝቢ፣ እናበሉ የጠምቕዎ፡ እቲ ዝኸፍኤ ግን ዉራይ ክግበር ከሎ ልክዕ ኣብታ ዕለት ኣኼባ ይጽዉዑ ህዝቢ ይካፋፈል። ስለዝ ሐደ ነገር ክንገብር ኣሎና ዝብል ዘተ ብዉሑዳት ተጀመረ፡ እታ መጀመርያ ኩልና ኤርትርዉያን ፖለቲካዊ ዝንባሌታትና ኣወጊና ኮፍ ኢልካ ምምይያጥ ይካኣልዶ? ብዝብል ሐሳባት ፡ ናይ ህ. ግ ሐፋሽ ዉድባት ነበር ፡ ካብ ዝተፋላለዩ ባእታታት ተ.ሐ. ኤ.፡ ካብ ኩሉ ነጻ ዝኮኑ ሰባትን ተጸዋዊዕና ዘቲና፡ ሐደ ልቢ ኮና ንክንታኣማመንን፡ ኣብ ሓደ ጭቡጥ ሓሳብ ንክንበጽሕን፡ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ግዜ ሓቲቱና። ኣብ መወዳእታ ግን ኣብ መንጎና ዝነበሩ ምጥርጣራት ወጊድና፡ ምሉእ ምትእምማን ኣጥሪና፡ ኣንጻር ምፍልላይ ሓደ ኣካል ኮና ክንሰርሕ ቃል ታኣታቲና፡ ብሐደ ሐሳብ ካኣ ናብ ማሕበርስብ ተመሊስና ምስ ኣሕዋትና እናታኣራረምና ህዝቢ ከለን ከምድርኡ ክፋቐርን ክካባበርን ንክንሰርሕ ተወሲኑ፡ ኩሉ ቅጥዕታት ኣማሊእና ፡ ንመራሕቲ መሕበረሰብ ብትሕትና ሐቲትናዮም። ኣብ ማሕበርና ኣይንቕበለኩምን ኢና፡ ጉዳይኩም ካኣ ነጺግናዮ ኢና ዝብል መልሲ ምስመጻና ፡ መኽንያት መንጸጊናኸ? እንታይ ኢዩ፡ ኢልና ሐተትና'ሞ፡ ብዘይ መኽንያት ዝብል ኣስደማሚ መልሲ ተዋሂቡና። በዚ መኽንያት እንባኣር

2008-06-17

ለባማት ሰባት ወሲኽና ቕዋም ነዲፍና ፡ ብኽፉት ንኹሉ ኤርትራዊ ዓዲምና ቦኽሪ ጉባኤና ኣካይድና ፡ ፍቕሪ ምክብባር ዝዓዘዞ ፡

ስላም

ዝዕለምኡ ንኹሉ ስምዒታትን ዝንባሌታትናን ኣዛኒዩ ዝመርሕ ማሕበረሰብ ፡ ድሮ ስሳ ንጡፋት ኣባላት ኣጥሪዩ፡ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ነቲ ናይ ሰማንያታት ዝትክእ ማሕበረሰብ ይመስል።

ክቡራት ኣሕዋትን፡ ኣሓትን ኤርትራዉያን ሰላምን ፍቕርን ኩልና ንደልያ ክንስና ክሳብ
ሎሚ ኣብሓደ ጎደና ሐቢርና ክንጓዓዝ ብዘይምኽኣልና፡ ከም ደቒ ዛግራ ንባታተን ኣሎና ። መሰረት ጥፋኣትና በለጽ ኢያ ። እንታይ ገደሰነ ንቕድሚት ዝርኤ ፤ ኩሉ ባዕሉ ይፈልጥ ከም ሰበይ ፤ ኣነ ጽቡቕ ኣለኹ ናይካልኦት እንታይገደሰኒ ፤ ተመሳሲለ ዝሐሰብኩዎ ክፈጽም ይሕሸኒ ፤ ወ.ተ



እናበልና ነፍስወከፍና ሕልናና ንቐትላ አለና፡ ኣብ ክንዲ ጎደና በለጽ ኣብ ጎደና ትብዓት ንጸንበር፡ ኣብዚ እዋ'ዚ ኣሽንባይዶ ሐድነት ህዝቢ ሓድነት ስድራቤታት ዝጠፍኣሉ ዘሎ ግዜ ሕብረተ ሰብኣዊ ሐድነትና ንጸግኖ የዋጻኣና ኢዩ፡ ተባላሲና ከይንተርፍ፡ መሪር ካየሕለፍካ ጥዑም፡ ከይደኸምካ ካኣ ጽቡቕ ምምናይ ሕልሚ ኢዩ።

ሐዉኹም ኢስጢፋኖሰ መንግስትኣብ
ካብ ከለን ጀርመን